ትግርኛ / Tigrinya

# ምጽንባር ቤተሰብ፡

## ሰብኣዊ ጸግዒ ዝረኸቡ ስደተኛታት ወይ ሰባት

---

እዚ ሰዒቡ ዝርከብ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ምጽንባር ቤተሰብ ዝምልከት ንሕጋዊ ኣማኻሪ ወይ ጠበቓ ቅድሚ ምርካብኩም፡ ብዝተኻእለ መጠን እኹል ሓበሬታን መርትዖን ንኽትእክቡ ሓጋዚ እዩ።

ዑቕባ ወይ ሰብኣዊ ጸግዒ ዝረኸብኩም ኬንኩም፡ እሞ ኸኣ ኣባል ቤተሰብኩም ናባኹም ብምምጻእ ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ምሳኹም ክነብር ትደልዩ እንተኼንኩም፡ ናይዞም ዝስዕቡ ነገራት መረጋገጺ ክትህቡ ክትክእሉ ከድልየኩም እዩ፥

- ፍቓድ ዑቕባ ዘለኩም ክትኮኑ፤ ንኣብነት፡ ዘለኩም ሰነድ ፍቓድ ዑቕባ (ኢሚግሬሽን)
- ምሳኹም ዝምድና ዘለዎም ኮይኖም፡ ቅድሚ ካብኦም ምፍልላይኩም ድማ ኣብ ቤተሰብኩም ዝቕመጡ ዝነበሩ ክኾኑ፤ ንኣብነት፡ ሰርቲፊኬት መርዓ ወይ ልደት/ፍቓድ መርዓሚ (ኣዶፕሽን)፣ ስእልታት መርዓ ወይ ቤተሰብ
- ብቐጻሊ ምስኦም ርክብ ትገብሩ ዘለኹም ክትኮኑ፤  ንኣብነት፡ ካርድታት ተሌፎን፣ ደብዳቤታት፣ ቅብሊት ምትሕልላፍ ገንዘብ

**ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኣባል ቤተሰብኩም፡ ናብ ኤምባሲ ዩናይትድ ኪንግዶም ብምኻድ ከመስክር ድማ ይግባእ፥**

1) ብዓል-ቤት/ብዓልቲ-ቤት/ሲቪላዊ መጻምድቲ[1] ምስዝኾኑ፤
   - ንሳቶምን ንስኹምን፡ 21 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ክትኮኑ ኣለኩም።

2) ውሉድ (እቶም ዝተራዕሙ'ውን) ምስዝኾኑ፤
   - ትሕቲ 18 ኬይኖም፡ እሞ ኸኣ ዘይተመርዓው ወይ ርእሶም ክኢሎም ንውልቆም ዝነበሩ ዘለው ክኾኑ ኣለዎም። (ውላድኩም፡ ከባቢ 18 ዓመት እንተድኣ ገይሩ፡ ብኽብረትኩም ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ምኽሪ ሕተቱ - 18 ዓመት ቅድሚ ምግባሩ፡ ከተመልክቱ ይግባእ።)

3) ካልኦት ኣዝማድ ምስዝኾኑ፤

- ብኣኹም ዝድገፉ (ዝእለዩ) ምስዝኾኑ፡ ንኣብነት፡ ገንዘብ ትሰድሎም እንተኼንኩም፡ ወይ ድማ ንበይኖም ዝነብሩ ወይ ሽማግለታት ምስዝኾኑ፡ ወይ ድማ ቀረባ ዘመድኩም ምስዝኾኑ እዩ፤ ከምኡውን
- ኩነታቶም፡ 'ከቢድን ዘደንግጽን'[2] ምስዝኸውን እዩ። እዚ ድማ ንዕኦም ዝኣልዮም ዘይብሎም ብጸገማት ዝሓልፉ ዘለው እንተኾይኖም ማለት እዩ።

**ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታ፥**

- ዝኾነ መበቆላዊ (ኦሪጂናል) ሰነዳት፡ ናብ እንግሊዝኛ ክትርጎም ይግባእ።
- ኣባል ቤተሰብኩም፡ ፓስፖርት ወይ ሰነድ መንነት ምስዝህልዎ፡ ነቲ እተቕርብዎ መመልከቲ ዓቢ ሓገዝ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ይነብሩ ኣለው?  ምስ መን ይነብሩ ኣለው?  መን'ከ ይኣልዮም ኣሎ?

---

1 ጾታዊ ዝምድና ሓደ ዓይነት ጾታታት ዘረጋግጽ ሕጋዊ ምስክር

2 ካብ ኣሃዱ ፖሊሲ ሆም ኦፊስ ንIAT ዝተዋህበ መግለጺ፡ 29 ሰነ 2004

**ነቶም መምርሒታት ዘገድስ ክትእክብዎ እትኽእሉ ጠቓሚ መርትዖ**

| ረቛሒ መምርሒታት | ኣብነታት መርትዖ |
| --- | --- |
| ፍቓድ ዑቕባ ወይ ሰብኣዊ ጸግዒ | ዝተዋህበኩም ሰነድ ፍቓድ ዑቕባ (ኢሚግሬሽን)<br>ዝተዋህበኩም ሰነድ ጉዕዞ |
| ዝምድና/ኣባል ቤተሰብ | ዘለኩም ሰርተፊኬት መርዓ<br>ናይ ውላድኩም ሰርቲፊኬት ልደት/ፍቓድ መርዓሚ<br>ስእሊ መርዓኹም ወይ ቤተሰብ |
| ስሩዕ ርክብ | ካርድታት ተሌፎን ወይ መዝገባት<br>ደብዳቤታት<br>ቅብሊታት ምትሕልላፍ ገንዘብ |

**እቲ ክሕግዝ ዝኽእል፡ መን እዩ?**

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣገልግሎት ምጽንባር ቤተሰብ ኣይህብን ኣሎ። እንተኾነ ግን፡ ሕጋዊ ወኪልኩም ሓገዝ ክህበኩም ይኽእል እዩ።

ሕጋዊ ወኪል ዘይብልኩም እንተኾይኑ ወይ ድማ ክትቅይሩ ትደልዩ እንተኼንኩም፡ ኣስማትን ኣድራሻን ሕጋውያን ወኪላት ክንህበኩም ንኽእል ኢና።

ብዛዕባ'ዚ ክትፈልጡ ትደልዩ እንተኼንኩም፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ቅድሚ ምምልካትኩም ነቶም ዘድልዩ ረቛሒታትን ኣገዳሲ መርትዖን ኣብ ግምት ከምዘእተኹም ብኽብረትኩም ኣረጋግጹ።

The Scottish Refugee Council 5 Cadogan Square,
(170 Blythswood Court) Glasgow G2 7PH
ተሌፎን ናጻ ምኽሪ፡ 0800 085 6087
ኢመይል፡ info@scottishrefugeecouncil.org.uk
ዌብሳይት፡ www.scottishrefugeecouncil.org.uk
ዝተመዝገበ ቑጽሪ ግብረ-ሰናይ፡ SC008639